**<u>ትቸዓተ ማእዶ ከም ሓደ።</u>**




ትቸዓተ ማእዶ ብሓደ ዝተኣስራ፣

መታን ከይስበራ ሓይለን ዘትረራ፣

ሓድነተን'ዩ ነጻ ጌሩዋ ሃገርና ኤርትራ።

    ትቸዓቲኤን ፍሉይ ባህርያተን፣

    ዘይፈላለያ ሓደ ኣምነተን፣

    ኩሉ ካልእዊ እዩ ኣብ ቅድሚ ጥምረተን።

ልቦናኤን ዓቢ ዝሰብር ከውሒ፣

እንትርፎ ቅንዕና ዘይብለን ተንኮል ጉርሒ፣

ኣብ ዝወስድኦ ስጉምቲ የብለንን ፍርሒ።

    ኣለዉ ወረ ጎደና ተመሲሖም ዝድረሩ፣

    እንትርፎ ንጥፍኣት ቁኑዕ ዘይመኽሩ።

    ሓድነተን ክሰብሩ ከይደቀሱ ዝሓድሩ፣

ፍቕሪ ዝኣሰረን ትቸዓተ ጥማር፣

ዝጎዓዛ ብሓደ ስነ ምግባር፣

ሽግር ዝፈትሓ ኮይነን ብሓባር።

    ጽቡቕ ባህሊ ዝውንና፣

    ብስኒት ዝነብራ ብትሕትና፣

    ኣብ ሞንጉኤን ዘየፍቅዳ ክኣቱ ጓና።

ነገራት ዝፈትሓ ብባይቶ ዓዲ፣

ምኻድ ዘይፈትዋ ኣብያተ ፍርዲ፣

ዋላ ዓቢ ገበን ዝኣልያ ብልምዲ።

    ስምረት ሓድነተን ንኻልኦት ኣብነት፣

    ሰላመን ዝዘርግ ኣይርእን ገነት፣

ኢዶም ይኣክቡ ብዓል ጥፉኣት መንነት።

ንሰን ዘፍረዮኦም ዕጡቓት ጀጋኑ፣

ዓሎም ወዶም ንጸላኢ ርእሱ ዘድንኑ፣

ሃገር ተዓዲላ ንሶም ናታ ክኾኑ።

እወ እዘን ትቸዓተ ጋብልኤን ሓደ፣

ዝፈልየ ዘይብለን ዝወረደ እንተወረደ፣

ሱር ሓድነተን ነዊሕ'ዩ ሚልዮናት ዝኸደ።

ብዙሓት ይግረማ ብጽባቐ ፍቕርኽን፣

ይመራመራ ክፈልጣ ሚስጢርክን፣

ምኳኑ ረሲዔን ውርሻ ባህልኽን።

ሃገር ሓበን ሃገር ጅግንነት፣

ብሓድነትክን ክትመስል'ያ ገነት፣

ካባኽን ምውላደይ ጺጋ'ዩ ብእውነት።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።